# ቃል ጌጋ ናይ መንፈሳዊ ሰብ (ኦሪት ዘፍጥረት 12፡10-20)

1. እትጽናዕ ጥቕሲ ......

"ኣብታ ሃገር ጥሜት ኰነ፡፡ ኣብታ ሃገር ጥሜት ስለ ዝበርትዔ ድማ፡ ኣብራም ብስደት፡ ኣብኣ ኪቕመጥ፡ ናብ ግብጺ ወረደ" (ዘፍ 20፡10)።

2. እዚ ዝተፈጸመሉ እዋናት -- 2087 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ።
3. ዝተፈጸመሉ ቦታ -- ኣብ ግብጽን ኣብ ከንኣንን።
4. ኣተኵሮ ትምህርቲ -- ምስሓት ፍቓድ ኣምላኽ። ምኽሪ ኣምላኽ ዘንጊዑ፡ ምስ ስጋን ምስ ሰብን ጥራይ ዚመክር ኣማኒ፡ ከምቲ ናይ ኣብርሃም፡ ኣብ መንፈሳዊ ክስራንን ሓጢኣትን እዩ ዚወድቕ። ይኹን እምበር፡ ኣምላኽ ብንስሓ ናብኡ መለሶ፤ ኪዳኑ'ውን ሓደሶ።
5. ርእሰ-ጸሎትን መደብን።

ምውራድ ኣብርሃም ናብ ግብጺ - ናይ ስሕተት ስጉምቲ።

1. ዅነታት ደሪኹዎ ዚወሰዶ፡ ዘየለለዮ ስሕተት።
2. ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ዚኾነ ስሕተት።
3. ኣብርሃም ዚወሰዶም ኣዝዮም ሰራማት ዚኾኑ ስጉምትታት።
   3.1. መሲሉኒ ኢሉ ዚገበሮም ጌጋታት።
   3.2. ኣርባዕተ ዓበይቲ ክስራናት ዚሰረጸ ስጉምትታት ኣብርሃም።
4. ምንጋፍ ኣብርሃም ብኣምላኽ ካብቲ ዚተጠብሶ ሰበባት።
5. "ርሓቐልና" ዚመስል ምፍናው ኣብርሃም ብፈርኦን።

ምውራድ ኣብርሃም ናብ ግብጺ በዚ እንዛረበሉ ዘሎና እዋን፡ ናይ ስሕተት ስጉምቲ፡ ኣምላኽ ዘይፈቐዶ፡ መሲሉዎ ዚተጋገዮ እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ እዚ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ዚወጸ፡ ኣዝዩ ሰራም ስጉምቲ ድማ እዩ ነይሩ።

## 1. ዅነታት ደሪኹዎ ዚወሰዶ፡ ዘየለለዮ ስሕተት።

ኣብርሃም ናብ ግብጺ ኪኸይድ ሓሳብ ኣይነበሮን፤ ኣይተመነዮን፤ ዘንቀደሉ ጉዳይ ድማ ኣይነበረን። ከምኡ ኸኣ ኣምላኽ ናብ ግብጺ ኣይመርሖን። ካብ ኡር ናብ ከንኣን ኪጉዓዝ ከሎ፡ ብኣምላኽ ተመሪሑ እዩ ነቒሉን ተጓዒዙን። ካብ ከንኣን ናብ ግብጺ ግና ብህሉው ዅነታት ተደሪኹ፡ ቅኑዕ ዚገብር ዘሎ መሲሉዎ ድማ፡ ባዕሉ ዚመደቦን ስጉምትታት ድማ ዚወሰደሉን ስሕተት እዩ ነይሩ።

ከምዚ ናይ ኣብርሃም መገሻ ናብ ግብጺ፡ መሲሉኒ ኢሎም ብዙሓት ኣመንቲ ዚገብርዎም ብዙሕ ተመሳሳልቲ ጌጋታት ናይ ህይወት፡ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ዚኾኑ ብብዝሒ ኣለዉ።

እሞ፡ መሲሉኒ ኢልና ንፍቓድ ኣምላኽ ከይንስሕት እዚ ጌጋ ናይ ኣብርሃም መለበሚና ይኹን።

## 2. ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ዚኾነ ስሕተት።

ኣብርሃም ኣብዚ ጌጋ ምርጫ ኺወድቕ ዚኽእለ፡ ህሉው ኵነታት ገዲዱዎ እዩ። ኦሪት ዘፍጥረት ኣብ 12፡10 ከምዚ ዚስዕብ ገይሩ ይሕብሮ።

> “ኣብታ ሃገር ጥሜት ኰነ፡፡ ኣብታ ሃገር ጥሜት ስለ ዝበርትዔ ድማ፡ ኣብራም ብስደት ኣብኣ ኪቕመጥ፡ ናብ ግብጺ ወረደ፡፡”

ካልኦት በቲ ናይ ሽዑ ኵነታት ተደሪኾም ናብ ግብጺ ዚወረዱ ምንባሮም ኣይንስሕቶን። ኣብ ከባቢኡ ዚነበረ ጥሜት ንኣብርሃም እውን ኣርኪቡሉ ከም ህዝቡ ድማ ስደተኛ ኰይኑ ናብ ግብጺ ኪኸይድ ነበሮ። ይኹን እምበር፡ ኣቲ ምኽሪ ኣምላኽ ከይደለየ ስጕምቲ ምውሳዱ መሰረታዊ ጌግኡ ነበረ።

ወንጌል ማቴዎስ ኣብ 2፡13-15 ከም ዚሕብሮ፡ ዮሴፍን ማርያምን ህሉው ኵነታት ገዲዱዎም፡ ግና ብኣምላኽ ተመሪሖም፡ ነቲ ሕጻን የሱስ ክርስቶስ ሒዞም ናብ ግብጺ ሃዲሞም ከም እተዓቕቡ ይነግረና።

ያእቆብ እውን ከምኡ ብኣምላኽ ተመሪሑ እዩ ምስ ስድራኡ ንግብጺ ዚተሰደደ (ዘፍ 46፡1-4)። ኣብርሃም ግና በዚ እዋን እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ከይሓተተ፡ እቲ ዝነበረ ኹነታት ደሪክዎ መፍትሒ ሽግሩ ኸናዲ ንግብጺ ወሪዱ።

እወ፡ ብኹነታት ተመሪሕካ ምኻድ ቦትኡን ግዜኡን ኣለዎ። ልዕሊ ኵነታት ግና ፍቓድ ኣምላኽ ምኽኑ ኺሰሓት የብሉን። እቲ ንኣምላኽ ዚስዕብ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ድማ ንምኽሪ ኣምላኽ እዩ ዚስዕብ። በዛ እዋን እዚኣ፡ ኣብርሃም ነዚኣ እዩ ስሒቱዋ።

## 3. ኣብርሃም ዚወሰዶም ኣዝዮም ሰራማት ስጕምትታት።

### 3.1. መሲሉኒ ኢሉ ዚገበሮም ጌጋታት ኣብርሃም።

ኣብራም ብኵነታት ተደሪኹ፡ ኣዝዮም ሰራማት ስጕምትታት፡ ፍቓድ ኣምላኽ ዚሰሓተ ወሲዱ ናብ ግብጺ ምውራዱ ጌጋ እዩ ገይሩ። ኣብ ከንኣን ብርቱዕ ጥሜት ምንባሩ፡ ኣብ ግብጺ ግና ሽሻይ ምንባሩ ኣብርሃም ኣረጋጊጹ። ናብ ግብጺ ዚስደዱ ሰባት ምንባሮም ከኣ ኣብርሃም ኣስተብሂሉ።

ከምቶም ካልኦት ሰባት ድማ ናብ ስደት ንግብጺ ገስጊሱ ስጕምትታት ወሲዱ። ኣብ ክንዲ ብፍቓድ ኣምላኽሲ፡ ብናይ ገዛእ ርእሱ ትርጕም ዚህበሉ፡ ዚድርኾ ኵነታት ተመሪሑ፡ ከም ህዝቡ፡ ኺስደድ መደቡ ገይሩዎ። ነቲ “ፍቓድካ እምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን” ዚብል መምርሒ ዘንጊዕዎ። ዓበይቲ መንፈሳዊ ክስራናት ድማ ኣኸቲትሉሉ።

እምበኣርሲ፡ እዛ ጌጋ እዚኣ ኣብዚ ጊዜና ንሕና'ውን ኸይንደግማ ናይ ኣብርሃም መለበሚ ይኹነና።

### 3.2. ኣርባዕተ ዓበይቲ ክስራናት ዚሰረጾም ስጕምትታት ኣብርሃም።

ካብቲ ስሩዕ መገዲ እምነት (መገዲ ኣምላኽ) ዝንብል ምባል ወትሩ ክስራን እዩ ዜስዕብ፤ በረኸታት ድማ የብሉን። ንጊዜኡ ኣብርሃም እቲ ክስራናቱ ኼለልዮ ኺርእዮ ኣይከኣለን። እኳ ድኣ ንሓያሎ ዓመታት ከይተረፈ ኣይተራእዮን። ብርግጽ ኣብ ግብጺ ሽሻይ ነይሩ። ግናኸ ብሽሻያት ተሸፊኑ

**ዚመጽእ ክስራናት (መርገማት) ድማ ነይሩዎ። ንኣብርሃም ዜኀነፍዎ ኣርባዕተ ጥምሮ ፈተናታት፡ ብጥርንፍ ዚበለ ኣገባብ ንመልከቶም።**

### ሀ. ዚድህል ፍርሃት።

**ኣብራሃም፡ እቲ ናብ ግብጺ ምስዳዱ፡ ዚተጸበዮ መኽሳባት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ዘይተጸበዮ፡ ህይወቱ ኼጥፍኣሉ ዚኽእል ሕሱም ኵነታት ከም ዜስዕበሉ ዳሕራይ ኸተሓሳስቦ ጀሚሩ። ካብ ከንኣን ኪንቅል ከሎ እዚ ኣይተራእዮን። 300 ማይልስ = 500 ኪሜ ኣቢሉ ምስ ተጓዕዘ፡ ናብ ግብጺ ምስ ቀረበ ግና ኣተሓሳሰቡዎ። ብሰንኪ ሰበይቱ፡ ኺዝርፉዋ እዮም ዚብል ስኽፍታ፡ ግብጻውያን ኪቐትሉኒ እዮም ዚብል ፍርሂ ኣሕዲሩሉ።**

### ለ. ንሰበይቱ ኣሕሊፉ ምሃብን እቲ ናታ ድማ ምትሕብባርን።

**ሞት ናይ ገዛእ ርእሱ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ሰበይቱ ዚዝመተሉ ኵነታት ኣብ ቅድሚኡ ይጽንሖ ምህላዉ ሓሲቡ ኺፈርህን ሕሱር ጥበባት ድማ ኺጣበብን ጀመረ (ብዛዕባ እዚ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 12፡11-15 ንመልከት)።**

> "ኰነ ኸኣ ናብ ግብጺ ኺኣቱ ምስ ቀረበ፡ ንሰበይቱ ሳራይ፡ እንሆ መልክዔኛ ሰበይቲ ምዃንኪ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፡ ኪኸውን ድማ እዩ፡ ግብጻውያን ምስ ዚርእዩኺ፡ ሰበይቱ እያ ኺብሉ እዮም፡ ንኣይ ቀቲሎም ንኣኺ ብህይወት ይሓድጉኺ፡፡ እምበኣር በጃኺ፡ ብሰላኺ ምእንቲ ንኣይ ኪጥዕም፡ ነፍሰይ ድማ ብኣኺ ክትድሕንሲ፡ ሓብቱ እየ ደኣ በሊ፡ በላ፡፡ ኰነ ኸኣ፡ ኣብራም ኣብ ግብጺ ምስ ኣተው፡ ግብጻውያን እታ ሰበይቲ ብዙሕ መልክዔኛ ምዃና ረኣዩ፡ እቶም ሹማምቲ ፈርኦን ድማ ረኣዩዋ፡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ከኣ ንኣዱዋ፡፡ ነታ ሰበይቲውን ናብ ቤት ፈርኦን ወሰዱዋ፡፡"

**ፍቓድ ኣምላኽ ከየለለኻ መደባት ናይ ህይወት ምግባር ከምኡ እዩ ትርፉ፤ ውርደት፡ ውድቀት እዩ ዜኸትል። ሰበይቱ ኼጥፍኣሉ ዚኽእል ፈተና፡ ተጣባቢ ሓሶት ዚገብሮ፡ ኣብ ውርደት ዜእትዎ መደባት ይወስድ ምንባሩ ክሳዕ ዚሰወሮ ኰይኑ። ከይነቐለ ፍቓድ ኣምላኽ ኺፈልጥ ስጉምትታት ብዘይ ምውሳዱ ኣብ ፈተና ኣትዩ።**

### ሐ. ኣብ ውርደት ነውሪ ምንባሩ።

**ሰበይቱ ኣሕሊፉ ሂቡ፡ ሰበይቱ ተዘሚቱስ ዚኸሰቦ ነገርዶ ነይሩዎ? መኽሰብና ኣይግበሮ!! ፈርኦን ንኣብርሃም፡ ከም ዘምኡ ቈጺርዎ፡ ብዙሕ ህያባት ሂቡዎ። ህያብና ኣይግበሮ። ብኻ ምትረፎ። ኦሪት ዘፍጥረት ኣብ 12፡16 ከምዚ ይብል፡** "ንኣብራም ድማ ምእንትኣ (ምእንቲ ሳራይ) ጽቡቕ ገበረሉ፡፡"

**ብኻ ምትረፎ! ንሓጺር ግዜ እኳ እንተ ነበረ፡ ሰበይቱ ተዘሚቱ፡ ዕለት-ዕለት ኣብ ውርደት ሕልናኡ ምንባር ስቓይ እዩ ነይሩ።**

### መ. ዓቢ ዕላማ ዜስሕት ፈተና።

**ኣብራሃም፡ ዕላማኻ ዜስሕት ፈተና እዩ ኣጋጢሙዎ። ኣምላኽ ምስ ጸውዖ፡ ከምዚ ኢሉ እዩ ኪዳን ኣትዩሉ ነይሩ፡**

> "ንዓብዩ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ፡፡ . . . ዓሌታት ኲላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም" (ዘፍ 12፡2)፡፡

**ነዚ ተስፋ ኣምላኽ ዜፍሽል ፈተና እዩ**

ኣጋጢሙዎ ነይሩ፤ ወዲቑ ከኣ ነይሩ፣ ግናኸ ተመሊሱ። ኣምላኽ ድማ ምሕረት ገይሩ፡ ከም ብሓድሽ ተኸሊሉዎ ድኣ እምበር፡ መወዳእታ ዛንታ ናይ ኣብርሃም ግናይ ምኸኦነ ነይሩ።

## 4. ምንጋፍ ኣብርሃም ብኣምላኽ።

ፈርኦን፡ ኣብርሃምን ሳራን ኣጋግዮምዎ፡ መኳንንቱ ድማ ደፋፊፊኦምዎ፡ ብግርህናኡ እኳ እንተ ኾነ፡ ብስልጣኑ ኣብ ኣዝዩ ዓቢ ጌጋ ዳርጋ ወዲቑ ነይሩ። ብኸመይ መገዲ ከም ዚኣተዎ ድኣ ኣይትንትነልናን እዩ እምበር፡ በዚ እዋን እዚ ኢድ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ነቲ ተሓላሊኹ ዝነበረ ጕዳይ ይኣትዎ። ግናኸ ይብል፡

> "እግዚኣብሄር ግና ብምኽንያት ሳራይ ሰበይቲ ኣብራም፡ ንፈርኦንን ንቤቱን ብርቱዕ ቅጽዓት ቀጽዖም" (12፡17-19)።

ኣምላኽ ንፈርኦን እቲ ጕዳይ ከም ዚበርሃሉ ገይሩዎ። እቲ ጽሑፍ ከም ዚእምቶ፡ ፈርኦን ድማ ተነሲሑሉ (12፡18-20)፤ ኣብርሃም እውን ከምኡ ድማ ኺንስሓሉ ጀሚሩ (ዘፍ 13፡1-4)። ኣብ መወዳእትኡ . . . .

(1) ኣብርሃም ሰቡን ጥሪቱን ጠርኒፉ ናብ ከነኣን ተመልሰ (13፡1)።

(2) ሽሻዩ እኳ በርኪቱ እንተ ነበረ፡ ውርደት ዝጸየቐ ምኳኑ፡ ንኣብርሃም ከየጕሃዮ ኣይተረፈን (13፡2)።

(3) ኣብርሃም ናብ ከነኣን፡ ኣብቲ ቀደም መስዋእቲ ዜቕረበሉ (12፡7-9) ተመሊሱ፡ ንስሓ ኣትዩ፡ ናብ ኣምላኹ ተመሊሱ።

መልእኽቲ ጳውሎስ ንሰብ ሮሜ ከምዚ ይብል፡

> "እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ"(12፡2)።

ኣብርሃም ከኣ ነዚኣ ብመሪር መገዲ ተማሂሩዋ እዩ እሞ፡ በቲ ህይወቱ ንለብም።

**ርሑስ በዓል ትንሳኤ!**

> "ሕልና ዘለዎ ሰብ ንኻልእ ኺጐድእ ኣይነቅሕን። እንተ ኾነ ግና፡ ካብቲ ንሱ ዚጐድኦ ሰብሲ እቲ ንዕኡ ዜሕምሞ ይብእስ። ካብ ሕልና ዘይብሉ ሃሳይ ይኸውለና!"

ቀሺ ዑ/ገ ብ. (1974)